# ኹናት ዓድዋ ፣ ውዕል ውጫሌን ሚኒሊክን

****************************************

ገብረ ሥላሴ ኣርኣያ- ለካቲት2008

ናይ ዓድዋ በዓል ኣብ ዝመጽኣሉ ሰሙናት ኣብ ሃፀይ ሚኒሊክን ታሪኽ ሃገናን ዙሪያ ብዙሕ ንትርኽ ምርኣይ ልሙድ እዩ። ብፍላይ ኣብ ማሕበራዊ ሚዲያ ዘሎ ዕግርግር ብኢንተርኔት ኮይኑ እምበር ሰብ ተዝራኸብ ካብ ናይ ዓድዋ ውግእ ዘይንእስ ምኾነ ነይሩ። እቲ ዘባእስ ዘሎ ጉዳይ ብሃደ ወገን ሚኒሊክ ናይ ዓድዋ ዓወት ናይ በይኑ ገይርካ ምቕራብን እቲ ኹናትን ውዕላትን ድማ ዋላ ሓንቲ ክሕደትን ጌጋን ዘይተፈፀሞ ገይርካ ምቕራብ እዩ። በቲ ሓደ ወገን ድማ ሚኒሊክ ክፋል ሃገርናውን ንውልቃዊ ረብሑ ክብል ሸይጡ ኣብ ሃገርና ንቲ ዘለናዮ እዋን ዝተረፈ ጉድኣት ፈጺሙ እዩ ንሱውን ክንገረሉ ኣለዎ ዝብል እዩ። ዝኾነ ሰብ ሚኒሊክ እንትንቅፍ ብሄር ተኮር ፀርፊን ጠቓነን ይወርዶ። ብደገፍቱ ዓይኒ ሚኒሊክ ዘይትንከፍ ብፁእ ዝነበረ ንጉስ ገይሮም የቕርብዎ ጥራይ ዘይኮነስ ታሪኽ ናፈብረካውን ብሄር ናመረጽካ ናይ ፀለመ ወፍሪ ይካየድ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ንትርኽ እቶም ቁም ነገራት ተሸፊኖም ይሓልፉን ብዙሕ ታሪኽ ንዘይነበበ ሰብውን የጋግዩን።

እምበኣርከስ ናይ ዓድዋ ኹናትን ውዕል ውጫሌን ተግብር ሃጸይ ሚኒሊክን ኣመልኪተ ቁሩብ ቁምነገራት ከካፍለኩም። ንም኿ኑ ናይ ዓድዋ ኹናት እንታይ ፈጢሩዎ? ሚኒሊክ ንምንታይ ናይ ውጫሌ ውዕል ፈሪሙን መረብ ምላሽ ንጥሊያን ክህብ ደሊዩን? ንዝብል ሰብ እቲ ሓቂ ከምዚ ይመስል:

ሚኒሊክ ኣብ ትሕቲ ሃፀይ ዮሃንስ ኮይኑ ገዛኢ ሸዋ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ምስ ቐንዲ ፀላእቲ ኢትዮጵያ ዝነበሩ እንግሊዝ፣ ጥሊያን፣ ደርቡሽ፣ መሃዲስት ግብጺ ወዘተ ሕብረት ፈጢሩ ፀረ ሃገሩን ንጉሱን ይቃለስ ከም ዝነበረ ታሪኻዊ ሰነዳት ይሕብሩ። ምስ ጥሊያን ዘይሕጋዊ ምሕዝነት ፈጢሩ  ተደጋጋሚ ቃል ኣቲዩ ዘይሕጋዊ ስምምዕነት ፈጺሙ እዩ። ንሱ ናብ ስልጣን ንኽድይብ ንሃፀይ ዮሃናስ ኣብ ምውዳቕ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ገንዘባዊ፣ ወታሃደራዊን ናይ ኹናት ዕጥቂን ጥሊያን ሓገዝ ክህብ (ሂቡ ድማ)፣ ሚኒሊክ ናብ ስልጣን ምስ ደየበ ድማ መረብ ምላሽ ዝነበረ ግዝኣት ኢትዮጵያ ንጥሊያን ክህብ ተሰማሚዑ እዩ። እቲ ቕድሚ ንጉስ ምኟኑ ዝነበረ ስምምዓትን ዝፈጸሞም ገበናትን ገዲፍና ሃፀይ ዮሃንስ ኣብ መተማ ምስወደቑ (10 March 1889 ዓምፈ) ኣብ 2 ወርሒ ዘይመልእ (2 May 1889 ዓምፈ) ውዕል ውጫሌ ፈሪሙ ብኣንቀፅ 3 ምኽንያት ንጊዚኡ ዓፋርን ጋሽ ባርካን ዘይሓውስ መረብ ምላሽ ኣረኪቡ። ከም ውጺኢቱ ድማ ጥሊያን ሰራዊቱ ሒዙ ካብ ባሕሪ (ካብ ሃፀይ ቴድሮስ ዘበን ጀሚራ ኣብ ኢድ ግብጺ ኣቲያ ካብ ዝነበረት ማሳዋ) ናብ ከበሳ (ናይ ኣሉላ መቐመጢት ዝነበረት ኣስመራ)ኣቲዩ ሰፊሩ።

እንተኾነ ግና ጥሊያን ቐደሙውን ኣፍታ ዳሓር ኤርትራ ኢሉ ዝሰየማ መረብ ምላሽ ክውሰን ኣይኮነን ካብ ኣውሮፓ ናፍቲ ኸባቢ ዝመጽአ፣ እስካብ ሶማሊያ ዝዝርጋሕ ናይ ምብራቕ ኣፍሪካ ጥሊያን ኢምፓየር ክምስርት እምበር። ብምኟኑ ድማ ጥሊያን ሕልሙ ንምትግባር እቲ ዘፈረሞ ውዕል ውጫሌ ብምጥሓስ (ብፍላይ ብትርጉም ኣንቀፅ 17)ምስ ሚኒሊክ ምስሕሓብ ጀሚሩ ኣብ ማሲእዩውን ናይ ዓድዋ ኹናት ወለደ። ኣብዚ ክርደኣና ዘለዎ ጉዳይ እዚ ዝተጠቐሰ ኣንቀፅ ውግእ ዘኽፈተ (proximate causes/triggering point) ደኣምበር ንቲ ኹናት ቐንዲ ምኽንያት (underlying cause) ኣይኮነን። እቲ ቐንዲ ምኽንያት ጥሊያን ዝነበሮ መላእ ቐርኒ ኣፍሪካ ናይ ምሓዝ ትልሚን ግብራዊ ንምግባር ምንቅስቓስ ምጅማሩን እዩ።

ኣብዚ እቲ ኣብ ኣንቀፅ 17 ዝተሸኸለ  ዝንገረና ዝነበረ ወገንተኛን ናይ ሸፍንፍን ታሪኽ ክዕረ ኣለዎ። ውዕል ውጫሌ ካብዚ ኣንቀጽ እዚ ዝኸበዱ ሓደ ክፍለ ህገር ዝሸጡ ኣንቀፃት ከምዘለዉዎ ምዝካር የድሊ። ኣንቀጽ 3 ምርኣይ እኹል እዩ።

Signed on the 25th Mazzia 1881, corresponding to the 2nd May, 1889, Article III of the Wuchale treaty states:

III. In order to remove any doubt as to the limits of the territory over which the two Contracting Parties exercise sovereign rights, a Special Commission, composed of two Italian and two Ethiopian Delegates, shall trace with permanent landmarks a boundary-line, the leading features of which shall be as follows:

(a.) The boundary between Italy and Ethiopia shall follow the line of the high table-land.

(b.) Starting from the country of Arafali, the villages of Halai, Saganeiti, and Asmara shall be within the Italian boundary.

(c.) Adi Nefas and Adi Johannes, in the direction of the Bogos tribe, shall be within the Italian boundary.

(d.) From Adi Johannes the boundary between Italy and Ethiopia shall be marked by a straight line running east and west. እዚ ውዕል ኣብ ብዙሕ ታሪኻዊ ሰነዳትን መፃሕፍትን ይርከብ።

ከምቲ ዝተጠቐሰ እዚ ጥሊያን ዝጀመሮ ናይ ምስፍሕፋሕ ምንቅስቓስ ሚኒሊክ ስልጣኑ ዝስእኖ ምዃኑ ስለተረድአ ኹናት ንምግባር ተገዲዱ እዩ። ኹናት ዓድዋ ብዓወት ተዛዚሙ ከብቅዕ ተሸኒፉ ዝሃድም ዝነበረ ትርፍራፍ ሰራዊት ጥሊያን እስካብ ባሕሪ ምፅዳፍ ንምንታይ ዘይተደለየ? መልሱ ግልጺ እዩ። ኣፄ ሚኒሊክ ቅድሚን ንጉስ ምዃኑን ምስኮነን ዝተፈላለዩ ናይ ምሕዝነት ውዕላት ፈሪሙ እዩ። ብቓሉ መሰረት ድማ መረብ ምላሽ ስለዝሸጠ ሰራዊቱ መረብ ሰጊሩ ከይኸይድ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ እዩ። ንኣብነት ራእሲ ኣሉላ ንጥሊያን ካብ ሃገረይ እስካብ ዝወጽእ ክሃድኖ ይፈቐደለይ ኢሎም ንሚኒሊክ እንትሓቱ ኣሉታዊ መልሲ ከም ዝረኸቡ መዛግብቲ ታሪኽ ይነግሩና።

According to Rubenson (p. 404, 1991) "At Adwa, the satisfaction was mixed with regret that the victory had been so costly in human lives". On the other hand, there was great disappointment at Adwa. Ras Alula was greatly disappointed that he could not pursue his enemies to the finish. In his own words [3, p. 8], "I asked the king [Emperor Menelik] to give me his cavalry ... and if he had I would have driven the Italians into the sea". What is evident from this is that Ras Alula did not seem to be clear of the Emperor's intensions (Assefa, 1999).

ኣብዚ ጉዳይ ወገንተኛታት ታሪኽ ፀሓፍቲ ሸዋ (ብሓፈሽኡ ኣምሓራ)ሚኒሊክ ካብ መረብ ሓሊፉ ንጥሊያን ዘሃደኖን ዘይተዋግኦን ምኽንያት ኣብ ዓድዋ ብዙሕ ስራዊት ስለዝተሰውኦን ኹናት ከቐጽል ዘኽእል ስንቂ ስለዘይነበሮን እዩ ክብሉ ንዘበናት ኣዐሽዮምና እዮም። እዚ ጊዜ ዝሓለፎ ሰብ ብዓሽኡ ጐሒላታት ፀሓፍቲ ሸዋ ዝፀሓፍዎ ሎሚውን ሰዓብቶም ዝኣምንሉ እዩ። 1000 ኪሜ ተጓዒዙ ኹናት ኣካይዱ ዝተዓወተ ሰራዊት ሚኢቲ ኪሜ ክቕፅል ኣይከኣለን ዝብል ናይ ዘበናዊያን ትንተና ንዚ ኣብዚ ዘበን ዘሎ ዝሓስብ ርእሲ ዝምጥን ኣይኮነን። ቐለብ ዝምልከት ቐደሙውን ካብ ራያ እስካብ ዓድዋ ዝሎ ህዝቢ ትግራይ ሃፍቱን ጥሪቱን ኣረኪቡን ተዘሪፉን እዩ።

ብዝኾነ እቲ ኹናት ብኽምዚ ታሕዓስን ሓዘንን ዝተሓዋወሶ ኩነታት ተወዲኡ፣ ብዙሕ ተይፀንሐ ናይ ሰላምን ዕርቅን ስምምዕነት ተገይሩ፣ ሃፀይ ሚኒሊክ ከም ንጉስ ኢትዮጵያ ብመንግስቲ ጥሊያን ኣፍልጦ ተዋሂቡዎ፣ ንሱ

ድማ እቲ ቅድም ኢሉ ዝሸጦ መረብ ምላሽ ዘሎ ክፋል ኢትዮጵያ ናይ መንግስቲ ጥሊያን ግዝኣት ምዃኑ ደጊሙ ኣረጋገፀ። ኣብ ማህደር ታሪኽ እዚ ዝስዕብ ሰፊሩ ኣሎ:

[Ratified by the King of Italy, November 13, 1889; and by the Emperor of Ethiopia, February 25, 1890.]

ART. I. The King of Italy recognizes King Menelek as Emperor of Ethiopia.

ART. II. King Menelek recognizes the sovereignty of the King of Italy in the Colonies which go under the name of Italian possessions in the Red Sea.

On 3 Hamlie, 1892, year of Pardon, Minilik II in his own name, for himself and for his successors signed another treaty.

ART. I. The line Tomat-Todluc-Mareb-Belesa-Muna, traced on the map, is recognized by the two Contracting Parties as the boundary between Erythraea and Ethiopia.

እቲ ዝነበረ ውዕል ምፅዳቕ ጥራይ ኣየብቀዐን። ስልጣኑ ንምውሓስ ክብል ዓፋር ፅንሕ ኢሉውን ጋሽ ባርካ ብሓዱሽ ውዕላት ንጥሊያ ኣረኪቡ ኣብ ሃገሩ ዝልዓለ ክሕደት ፈጺሙ እዩ። መረብ ምላሽ ፣ ዓፋርን ጋሽ ባርካን ድማ ነገስታት/መሳፍንቲ ትግራይ ቐንዲ ግዝኣቶምን ዝነበሩ እዮም። ሚኒሊክ እዞም ግዝኣታት ናሰልዐ ንጥሊያን ዝሃበሉን ስራዊቱ ስግር መረብ ኹናት ከይቕፅል ዝኣዘዘሉን ምኽንያት ድማ ንንግስንኡ ዝቀናቐን ሓይሊ ካብ ሰሜን ከይመጽእ ብምሕሳብ ስለዝነበረ ትግራይ ብግዝአተ መሬትን ብህዝባን ኣብ ክልተ ምምቃል ከም ስልቲ ተጠቒሙ እዩ። ብፍላይ ቐንዲ ፍልፍል ሰራዊት መሳፍንቲ ትግራይ ዝነበረ ትግርኛ ተዛራቢ ሕብረተሰብ ንኽልተ ምምቃል ንምድኻም ይሕግዝ ከምዝኾነ ስለዝተረድአ ምኽፋል ዘዋፅእ ኮይኑ ረኺቡዎ። ኣብ መዋእል ታሪኽ ሃገርና ነገስታትን መሳፍንቲን ትግራይ ኩሉ ኣፅዋርን ሽቐጥን ብቐይሕ ባሕሪ የእትዉ ስለዝነበሩ ባሕሪ ንጥሊያን ሂብካ ትግራይ ኣብ ክባ ዓፂኻ ምድኻም ዝብል እውን ሓደ ካፍቶም ስልቲታቱ ነይሩ፣ ሰሪሑ ድማ። እቲ ሓቂ እዚ እዩ።

ብሓፂሩ ሃፀይ ሚኒሊክ ኣብ ዓድዋ ኹናት ንምግባር ምውሳኑን ናፍቲ ግምባር ምምፅኡን ዝነኣድን ክብሪ ዝግብኦን እንትኸውን፣ ምእንቲ ስልጣኑ ክብል ድማ ክፋል ሃገርና ምስ ህዝቡ ከም ዝሸጠ ክሕባእ የብሉን። ብዚ ምኽንያት ዓወት ዓድዋ ፍርቂ ዓወት እዩ እንተተብሃለ ሓቂ ጥራይ እዩ። ግን ድማ እዚ ኹናት ኩለንተናና ክምንዝዕን ዘለኣለማዊ ውርደት ከኸድነናን ካብ ዝነበረ መግዛእቲ ዘድሓነና ስልዝኾነ እዞም መስዋእቲ ዝኸፈሉ ጀጋኑ ወልድና ዓብይ ኽብሪ ይግብኦም።

ናይ ሎሚ ወለዶ ድማ ብኢንተርኔትን ብሓንጎል ሕፀበት ናይ ሩሑቕ ስነ ሎቦናዊ መግዛእቲ ከይቑረን እሞ ሃገሩን ክብሩን ብፍትወቱ ከየረክብ ክመሃር፣ ክነቅሕ፣ ድኽነት ከጥፍእን ብውነ ክነበርን ይግባእ።

ሰናይ ናይ ዓድዋ በዓል ሰሙን!